# ግደፉ

ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንኤሪትራ ካብ ዓለም ኣጸምዩ፣ ህዝባን ንብረታን ኣብ ትሕቲ ስሱዕ ሽበራዊ መንግስቱ ኣእትዩ ብዘይ ቅንጣብ ሰብኣዊ ሕልና ዓትዒቱ ይገዝኣ ምህላዉ ንጹር ጉዳይ እዩ። መግዛእቱ ክዉን ንምግባር ዝጥቀመሉ ኣገባብ ንዝርእያ ኣዒንትን ንዝሰምዓ ኣእዛንን ንጹርን ግሁድን'ዩ።

መጀመርያ ክዝከር ዘሎዎ ህዝቢ ኤሪትራን ሃገረ ኤሪትራን ስለምንታይ ካብ ዓለም ክንጸል ተደልዩ ዝብል ሕቶ ብዙሕ ግዜ ብዝተፋላለዩ ጹሑፋትን፣ ማዕከናት ዜና ተቓወምትን እኳ ተነጊሩን ተተንቲኑን እንተኾነ፣ እዞም ኣብ ወጻኢ ኮይኖም ንረጋጺ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ደጊፎም ዘዝበጥቡጡ ዘሎዉ ደጊምና ደጋጊምና ክንኮሕኩሖም ዝግባእ እመስለና።

ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ ነቲ ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ንስም ሓፋሽውድባት ኣብ ወጻኢ ኮይኑ ዘገልግሎ ዝነበረ ምንቕስቃስ ድሕሪ ምውጻእ ሓራ ምጽዋዕ ብክልተ ምኽንያታት ከም ዝድስክል ገይሩ። ቀዳማይ ምስሉይ 'ነብሰኻ ምኽኣል' ኣብ መላእ ህዝቢ ኣተኣታቲኻ ደገፍ ከም ዝኽዕብት ምግባር፣ ካልኣይ ጥርኑፍን ብቐረባ ዝፈልጠንን ኣካል ንመጻኢ ዝገብሮ ምልኪ ኣብ መገደይ ክጽግመኒ'ዩ ብምባል።

ነጻነት ኤሪትራ ግንቦት 1991 ዓ.ም. ክዉን ኮይኑ። ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሜዳ ንግስተ ሳባ መደረ ኣስሚዑ። ዕስራ ሰነ መዓልቲ ስዉኣት ኽሽውን ኣዊጁ። ኣብታ ዕለት ድማ ካብ ሕጂ ናይ ውድባት ሓሸውየ የለን ብምባል ኾሉ ናይ ኤሪትራውያን ውድባት ሃለዋት ኣብ ኤሪትራ ከይህሉ ብኣዋጁ ኣፍደገ ብዝሐ ውድባትን ብዝሐ ሰልፍታትን ዓጽዩ።

ኣብ 1993 ዓ.ም. ህዝቢ ኤሪትራ ብድምጹ ንነጻነት ሃገሩ ከራጋግጽ ተዓዲሙ። ኣብዚ'ውን ነተን ልምዳውያን ውድባት ዝተገብረለን ዕድመ ወይ ርክብ ምስኣተን ኣይነበረን። እዚ ምዕጻው ኣፍደገ ንምፍታሕ ካልኣዊ ግርጭት ሃገራውያን ውድባት፣ መሰረት ምምቕቓል ሕብረተሰብና ምንባሩ ክስመረሉ ኣሎዎ። ኣብ ርእሰኡ ጥልመት ውልቃዊ ውሳነ (ኣዋጅ) ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንውሳነታት ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ህ.ግ.ሓ.ኤ. እዩ። ነቲ ብኽዉል ከማዕብሎ ዝጸንሐ ንምልኪ ዘምርሕ ሕልሙ ከኣ ጋህዲ ዝገበረሉ መድረኽ'ዩ። ኣብዚ ዕንደራ'ዚ ልጓም ክገብር ዝኽኣለ ኣካል ኣይነበረን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ክዋሃበሉ ዝከኣል ሃገራዊ ቍዋምን መምርሕን ክሳብ ዝወጽእ ምዕጋስ ዝብል የዋህ እምነት ህዝቢ ምንባሩ እዩ።

ንሰለስተ ዓመት ብምንጻል ልምዳውያን ውድባት ዝተሰርሐ ቍዋም ብ1997 ጸዲቑ። ኣብ ግብሪ ኣብ ክንዲ ምውዓሉ ግን ኢሳያስ ኣፍወርቂ ሕጂ'ውን ነቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ መሃንድስነት ስሰዐ ስልጣንን ምልክን ኣብ ዝለዓለ ደረጅኡ ንምብጻሕ ክሕግዞ ዝኽእል ተንኮል ቀጺሉ።

ኾሉ ጐድንታት ህዝብን ሃገርን ኣብ ሓደጋ ዘእተወ ኵናት ኤሪትራን ኢትዮጵያን ንክልተ ዓ መት ተኻይዱ። ብዛዕባ'ዚ ኵናት'ዚ ቅሩብ ዕረፍቲ ምስተረኽበ፣ እቲ ኣብ ግዜ ኵናት ንምክልኻል ሃገር ህይወቱን ንብረቱን ዘጥፈኤ ህዝቢ፣ ኢሳያስ ንዝኣተዎ በይንኣዊ ኵናት ኣብ ሕቶ ብዘይ ምእታው ዝተኣዘዝዎ ኣካላትን፣ ኣብ መስርሕ ኵናት ተነጺሎም ዝነበሩ መራሕትን ኣጋቢእካ ዘተን ገምጋምን ንምግባር ኢሳያስ ኣፈወርቂ ተበግሶ ኣብ ክንዲ ምውሳድ፣ መገዲ ፖሊቲካና ብበሰላ ኵናት ኣብ ህዝቢ ዝወረደ ማሕበራዊ ሽግራት፣ ተነጽሎ ሃገር ኣብ ዲፕሎማሲ ደጊምና ንርኣዮ ዝበሉ ሚኒስተራት፣ ጀነራላት፣ ኣባላት ባይቶ፣ ተማሃሮን ጋዜጣኛታትን፣ ኣብ ጋህስታት ማእሰርቲ ብምዱጓን ሓንሳብ ንሓዋሩ ንሃገርን ህዝብን ኣብ ጸልማት ነቑቱ።

ካብዚ ጸልማት'ዚ ንምግልጋል ከምቲ ብሓደ ፍላስፋ ዝተባህለ 'ብዘይ ኣቦ ክትነብር ትኽእል ኢኻ፣ ብዘይ ኣደ ክንበር ይከኣል'ዩ። ብዘይ ተስፋ ግን ክንበር ስለዘይክኣል' ካብ ውሽጢ'ዚ ጸልማት'ዚ ንምውጻእ ንእሽቶይ ብርሃን ክትርኢ ምኽኣል ተጀሚሩ።

ኣብ ውሽጢ'ቲ ስርዓት ዘሎዉ ልቦም ዝሓረሩ ተቓወምቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ንእዋኑኳ ኣብ ስቕታን ትዕዝብትን እንተኣተዉ፣ ህዝቢ ብሽበራን ጸቕጥን እንተረዓደ፣ እታ ቀንዴል ፍትሕን ደሞክራስን ፈጺማ ከምዘይጠፍኣትን ሃለዋታ ዝገልጽ ምልክት ከተርኢ ጀሚራ ኣላ።

እቲ ራኢ ንለውጢ ብገለ ዉሑዳት ሰባት'ዩ ዝሕንጸጽ። እዞም ፍሉያት ሰባት'ዚኦም ዝበዝሕ ግዜ በቲ ዝሓመቐን ዝጸንከረን መገዲ'ዮም ጉዕዞኦም ዝጅምሩ። ብደገፍቲ ምልካውነት ይንጸሉ፣ ካብ ስድረኦምን በተሰቦምን ይፋላለዩ፣ ተሓባበርቲ ዘይብሎም ይብገሱ፣ ማህበራዊ ሽግር

ይለብሱ። ነቲ እምነትን ተስፋን ኣቐሚጦም ዝኣተዉዎ መንጸዓ ራኢኦም ግን ሓንሳብ ሒዞም ስለዘይለቑ. ኣብ ዓወት ይበጽሑ። ኣብ መገዶም ብራኢኦም ዝምሰጡ ስለዘፍርዩ ከኣ'ዩ። መቃብር ስዉኣትና ነዚ ይምስክር።

መስዋእቲ ንነጻነት ሰላምን ምዕባለን፣ ሕውነትን ማዕርነትን፣ ምክብባርን ምቅብባልን ህዝቢ ክንርኢ ሓሊምና። ሕልምና ጋህዲ ከይከውን ኘኹሉ ኣብ ውሽጢ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝነበረ ፍሕሕታ ሰናይ ትምኒት ንሕብረተሰብ ኤሪትራ ቈጽዩን ዓሚጹን ኣብ ኰረሻ ስልጣን ምልክነት ዝተቐመጠ ጹዩፍ ስርዓት ንርኢ ኣሎና። እዚ ስርዓት'ዚ ንኤሪትራ ንበይኑ ክብሕታ፣ ንነዊሕ እዋን ብህዝቢ ዝተዋጸኤ ገንዘብን ንብረትን ገቢቱ፣ ንዝበዝሔ ህዝቢ ኣብ ጥምየትን ጽምኣትን ሓይሩ ክነብር ዝፍትን ዘሎ'ዩ።

እዚ ፈተነ'ዚ ንግዜኡ ይሰርሕ ከምዘሎ ንኣምን። ንንእሽቶይ ሃገርን ህዝብን ኤሪትራ ኣብ ኣርባዕተ-ሓሙሽተ ጀነራላት መቒልካ ብሓይሊ ብረት ደርቐስካ ምሓዝ። ካብ ሓምሳ ዓመት ንታሕቲ ብስመ ምክልኻል ሃገርን ኣገልግሎትን ካብ ዘፍርይሉ ማሕረስን ሽቐለትን መንቐስካ ብሸበባ ወተሃደራት  ኣብ ስራሕ ባርነት ( ዘይክፈል ግልቦት ) ዳጕንካ ዝዕፍን መስርሕ ህ.ግ.ደ.ፍ. ክሳብ ዘሎ፣ በዚ መንጽር'ዚ ምልኪ ኢሳያስ ሓያል'ዩ። ይኹን እምበር ብርቱዕ ጸቕጢ ዉዒሉ ሓዲሩ ብርቱዕ ተቓዉሞ'ዩ ዝፈጥር። ብርቱዕ ተቓውሞ ህዝቢ ብመገዲ ሰላም ንስርዓት ኢሳያስ ምቕያር ብዝበዝሑ ተቓወምቲ ተኣሚኑሉ ኣሎ። ኘኸምዚ ዝመጽእ ለውጢ ነዊሕን ጥውይዋይን ምኳኑ'ውን ዝረኣየካ'ዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ነዚ ሰራም ፖሊቲካ መሪሕነት ኢሳያስ መጕስምን ኣሜን ኢሎምን ዝኸዱን በትሪ ኢሳያስ ትለምልም ዝብሉን ክሳብ ዘለዉ ሕሰምን መከራን ህዝቢ ኤሪትራ ክናዋሕ'ዩ። እቲ ህሉው ኩነታት እዚ ካብ ኮነ ግደፉ ኣብ ጎድኒ ዉጹዕ ህዝቡኹም ንዑ ብምባል ክንዕድም ሰዓቱ እዩ።

ሰላምን ፍትሕን ንህዝቢ ኤሪትራ

ክፍሊ ሓበሬታ
ሰልፊ ደሞክራሲ ኤሪትራ
ዞባ ኤውሮጳ
ዕለት 23/11/2004